# ፳ይ ሰንበት ዘትንሣኤ

## ግንቦት 6 2015 ዓ.ም. (5/14/2023)

**መዝሙር፡** **አርአዮ ሥልጣኖ...** ንጉሥ ናይ ነገስታት ጎይታ ናይ ግዙኣት ስላጣኑ ኣብ ልዕሊ ሞት ኣርኣየ፥ሊቃነ መላእኽቲ እና ኣመስገኑ ኣብ ቅድሚኡ ብራዕዲ ይሰግዱሉ፥ኢየሱስ በታ ክሕዝዎ ዝመጽኡላ ለይቲ ከም ሰራቒዶ ክትሕዙኒ መጻእኩም በሎም። ኦትዕግስትን ትሕትናና ብሰንኪ ፍቕርና ናብ ሞት ዝበጻሕካ፥ ንሕና እውን ቅድስቲ ብዓልና ፋሲካ ብሓጎስ ንገብር፥ ሥልጣኑ ኣብ ልዕሊ ሞት ኣርአየ ገባር ሕይወት ክርስቶስ።

**ንባባት፡** ፩ቆሮ 15፡50-ፍ፥ 1ዮሓ 3:18-24፥ ግ.ሓ. 9:26-31፥ ዮሓ 15፡1-5

**ስብከት፡** እስመ ሰበረ ኆኅት ብርት፥ ወቀጥቀጠ መናሥግተ ዘኃፂን፥ወተወክፎሙ እምፍኖተ ጌጋዮሙ።ካብ ጸበባኦም ኣናገፎም፥ ካብ ጸልማትን ጓህን ኣውፅኦም መቓቅሖም ከአ ሰባበሮ (መዝ. 107፡13-14)

ኣብዚ ፳ይ ሰንበት ዘትንሣኤ ቤተ ክርስትያን እተዘኻኽረና ኣብ ክርስቶስ ኣሚና ምስኡ ክነብር እንክሎና እቲ ሓቀኛ ተኸሊ ወይኒና ዝኾነ ኣምላኽ ምሳና ይነብር ንሕና ኸአ ምስኡ ከም እንነብር ትነግረና። ሎሚ ምስቲ ሓቀኛ ተኸሊ ወይንና ዝኾነ ክርስቶስ ዘሎና ርክብ ክነስተንትን ከምኡ ኣብ ሕይወትናን ኣብ ሕይወት ካልኦት ኣሕዋትና ዘምጽኦ ጸጋ በረኸትን ርኢና ክንክእል እሞ ሽው ምስኡ ድልዱል ርክብ ክንፈጥር ዘዘኻር ሰንበት እዩ።

ካብ ግ.ሓ. ዝተነበና ሓደ ኣገዳሲ ነገር ንርኢ ጳውሎስ ቅጽበታዊ ለውጢ ምስ ገበረ ሕይወቱ ብምሉእ ቀይሩ። ብስም ኢየሱስ ኣሚኑ ዓቢ ሰባኻይ ኮይኑ። ኣብ ተልእኮኡ ከየፍረየ ክሓልፍ ስለ ዘይደለ ለይትን መዓልትን ከየዕረፈ ኣብ ኩሉ ሰቢኹ። ቀሊጢፉ ካብ ሳውል እቲ ኣሳዳዲ ዝነበረ ኣብ ጳውሎስ ሰባኺ፥ ኣበሳራይ ሰናይ ዜና ወንጌል ክርስቶስ ኮይኑ። ፍረ ናይ ኢቲ ጽኑዕ እምነቱን ዘይሕለል ስብከቱን ትምህርቱን ጽሑፋቱን ክሳብ ሎሚ ኣብ ምሕዳስ ሕይወትን ስብከተ ወንጌልን ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር እሎ። ንሱ ዕዉት ዝኾነ ድልዱል ጨንፈር ኣብ ክርስቶስ ኮይኑ ስለ ዝሰርሓ እዩ። ንሱ ምስ ክርስቶስ ጥራሕ ኣይኮነን ነሩ ብኹሉ ስርሑን ግብሩን ጽቡቕን ብዙሕን ፍረ ኣፍርዩ።

እቶም ቀዳሞት ክርስትያን ኣብ መጀመርያ ንጳውሎስ ኣይኣመንዎን ምናልባት ከታልሎም ከይከውን ፈሪሖም ክቕበልዎ ኣይደልዩን እንተ ኾነ ኣብ ክርስቶስ ዘለዎ ፍቕርን እምነትን ኣብ ግብሪ ከርእዮም ምስ ጀመረ ብፍላይ ኣብታ ማሕበር ዘርኣዮ ፍቕርን ኣገልግሎትን ቀልጢፎም ክኣምኑ ክኢሎም። ብዘይ ፍርሒ ክሳብ ሕይወቱ ኣብ ሞት ዘስግእ ክሰብኽ ምስ ረአዩ፥ ፍረ እምነቱን ከምኡ ፍቕሩ ኣብ ግብሪ ምስ ረአዩ፥ ካብኡ ንድሓር ኢየሱስ ጎይትኡ ከም ዝኾነ ኣሚኖም። ጳውሎስ ብስብከቱን ብኹሉ ተልእኮኡን ንብዙሓት ኣብ እምነት ክርስቶስ ኣምጺኡ እዚ ኹሉ ሕይወቱ ሓቀኛ ምስክርን ዘፍረየን ምኳኑ ይገልጽ። ንሱ ድልዱል ጨንፈር እሞ እቲ ካብኡ ዝድለ ዘፍረየ እዩ። ኣብነት ነፍስወከፍና ኸአ እዩ።

ኣብ ካልኣይቲ ንባብ ካብ ፩ዮሓንስ ኣብ ሕይወትና ከም ክርስትያን ኣፍረይቲ ክንከውን እንተ ኾና ከመይ ዝበልና ክንከውን ከምዝግባእና ክንርኢ ይሕግዘና። ደቀይ ብግብርን ብሓቅን እምበር ብቓልን ብልሳንን ኣይንፋቐር፥ ካብ ሓቂ ምዃና ኸአ በዚ ኽንፍለጥ ኢና (1ዮሓ 3፡19)።

ብኻልእ ኣገላልጻ ዮሓንስ ግብሪ ካብ ቃላት ንላዕሊ ይዛረብ እዩ ዝብለና ዘሎ። ንቃል ኣምላኽ ኣብ ግብሪ ክሳብ ዘየርአናዮ ነኽብሮ ነፍቅሮ ክንብል ኣይ ክኣልን እዩ። ኣፍሪና ክንብል ምስ ኣምላኽ ቀጻሊ ርክብ ክህልወና እሞ ዝርአ ፍረ እንፍሪ ክንከውን ኣሎና። እዚ እዩ ንልቢ ሰባት ዝትንክፍን ንሰባት ዝቕይርን፥ ስለዚ ሓቅን ግብርዊ ዝኾነ ነገር ክርአ ኣለዎ። ዮሓንስ ነዚ ኣሕጺሩ ክነግረና እንከሎ ትእዛዛቱ ከምቲ ንሱ ዝኣዘዘና ገርና ብስም ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ክንኣምንን ንሓድሕድናውን ክንፋቐርን እዩ፥ እቲ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ዝሕሉ እግዚኣብሔር ኣብኡ ይነብር፥ ንሱውን ኣብ እግዚኣብሔር ይነብር (1ዮሓ 3፡23)። ብኻልእ ኣዘራርባ ኣብ ቅድሚ ክርስቶስ መን ምዃና ክነረጋግጽ እንተ ኾና ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ጭቡጥን ሓቅን ዝኾነ ፍቕርን ልግስን ከነርኢ ኣሎና። እዚ ንገብር እንተ ኾና ብሓቂ ኣብ ክርስቶስን ከም ዘሎና መረጋገጺ እዩ።

ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ኢየሱስ ብምሳሌ ወይንን ጨንፈርን ገሩ ምስኡ ሓቢርና ክነብር እንከሎና ሕይወት ዝህብ ጸግኡ ኣባና ከምዝመሓላለፍ ምስኡ ርክብ እንተ ዘይብልና ግን ደርቂ መንፈስ ኣጥቂዑና ከም እንመውት እዩ ዝነግረና።

ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ብዙሕ እስራኤል ከም ተኽሊ ወይኒ ኣምሲሉ ዝገልጽ ንረክብ። ኣብ ኢሳያስ 5፡1-7 ዘሎ እንተ ኣንበብና እስራኤል ብተኽሊ ወይኒ ተመሲላ ንርኢ።ኣብ ኤርምያስ 2፡21 ካብ ጥዑም ዝዓይነቱ ወይኒ ወሲደ ከም ጎሩይ ሓረግ ወይኒ ገረ ተኸልኩኺ ከመይ ኢልኪ ድኣ ኣብ መጺጽ ወይኒ ተለወጥኪ ይብል። ሆሴዕ ነቢ ኸአ ህዝቢ እስራኤል ከም ብዙኅ ዝጨናፍሩን ብዙኅ ፍረ ዚፈርን ተኽሊ ወይኒ እዩ (ሆሴዕ 10፡1) ይብል። ተኽሊ ወይኒ ኣርማ መንግስቲ እስራኤል ኮይና። ኣብ ናይ መቃባውያን ገንዘብ ከም ምልክት ተሳኢላ ንረኽባ። ሓደ ካብቲ ንቤተ መቕደስ ዘገርም ዝገብሮ ኣብ ልዕሊ እቲ ቅዱስ ቦታ ብቕድሚት ወርቃዊ ስእሊ ወይኒ ይርከቦ። ስለዚ ወይኒ ቀንዲ ናይ ኣይሁድ ምልክት ኣብ ኩሉ ታሪኾም እዩ። ኣብ ምሉእ ምድሪ እስራኤል ወይኒ ይበቁል፥ ስለዚ ኸአ ኢየሱስ ብዛዕባ ተኽሊ ወይኒ ክዛረቦም እንከሎ ብቐሊል ይርድእዎ ነሮም። ጠባያት ናይ ወይኒ ምኣስ ከም ዝቕምቀም ነቲ ሕማቕ ጨንፈር ክምቅዝዎ ከምዘለዎም ነቲ ፍረ ዝህብ ከአ ክሓድግዎ ኩሎም ዝፈልጥዎ እዩ። ኣብ ተኽሊ ወይኒ ሓደ ፍረ ዝህብ ጨንፈር ካልእ ከአ ፍረ ዘይህብ ጨንፈር ኣልኦ ስለዚ ኣለሊኻ ምኽኣል የድሊ። እቲ ፍረ ዘይህብ ጨንፈር ተቘሪጹ ይድርበ ድሕሪ ዘይተኣለ እቲ ተኽሊ ፍረ ክህብ ኣይክእልን እዩ።

ኢየሱስ ንኹሎም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ንኹሎም ዝኸተልዎ ከምዚ ጉዕዞ ክጉዓዙ ነጊርዎም። ገለ ካብ ተኸተልቱ ጽቡቕ ፍረ ዝፈርዩ እዮም ገለ ኸአ ጽቡቕ ዘይፈርዩ ከምዘለዉ ክፈልጡ ነዚ ብግሁድ ሓቢርዎም። ጽቡቕ ፍረ ክንፈሪ ቀጻሊ ምጽልጻል የድልየና። ኣብ ሕይወትና ክአ ኣፍረይቲ ከይንኸውን ዝዓግተና ብዙሕ ነገር ኣሎ በዚ ኸአ ካብ ምንጭና ዝኾነ ክርስቶስ ተፈሊናን ንነብር ሎሚ ነቲ ዘይፈሪ ነገራትና ክንኣልዮ እዋኑ እዩ። ኣፍራዪ ከይከውን ዝዓግተኒ እንታይ ኣሎ?

ወንጌል ብቐጻሊ ጸኒዕና ድልዱሉ ርክብ ምስቲ ጉንዲ ሕይወትና ዝኾነ ክርስቶስ ክንገብር ዝጽውዕ እዩ። ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ክርስቶስን ክህሉ ዝግብኦ ርክብ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትናን ተግባራትና እዩ ዝግለጽ። እዚ ኸአ ከምቲ ኣብ መንጎ ኦምን ጨንፈርን ዘሎ ርክብ እዩ። ዝኾነ ጨንፈር ፍረ ከፍሪ ምስ ኦም ርክብ ክህልዎ ኣለዎ ካብ ኦሙ ዝተፈንጨለ ጨንፈር ሓንቲ ፍረ ኣይፈሪን እዩ እኳ ድኣ ኣብ ሓዊ እዩ ዝድርበ። ልክዕ ከምኡ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወትና ከም ክርስትያን ምስ ክርስቶስ እቲ ኦምና ዝኾነ ብስሙ ዝተጠመቕና ምስኡ ቀጻልን ሕያውን ርክብ እንተ ዘይብልና ክነፍሪ ኣይክኣልን እዩ። ኣብዚ ሓደ ኣገዳሲ ነገር ኣሎ ምስ ክርስቶስ ምዃን ክንብል እንከሎና ዓላማ ኣለዎ ፍረ ክነፍሪ ምእንቲ እዩ እምበር ብስም ናይ ክርስቶስ ኮና ዘይነፍሪ

ክንከውን ንኽእል ኢና። ፍረ ክነፍሪ ማለት ከአ ኣብ ኩሉ ሰናይ ግብሪ ምሕዋስ ንኹሉ እቲ ፍቕሪ ሰላም ቅድስና፥ ንጹሕ ክብረት፥ ንአምላኽን ሓውናን ምፍቃር፥ ከምኡ ብዙሕ ካልእ ነገራት ንልቢ ካልኦት ዝትንክፍ እሞ ኣብ ኣምላኽ ዝመልስ ምግባር ማለት እዩ።

## ፍቕሪ ኣብ ተግባር፡

ቅዱስ ዮሓንስ ፍቅሪ ኣብ ግብሪ ጥራሕ እያ እትግለጽ ይብለና። ኢየሱስ ምሳና ከምዘሎ ዘረጋግጸልና ፍቕሪ ኣብ ግብሪ እነርእ እንተ ኾና ጥራሕ እዩ። ብዙሕ ጊዜ ብቀለዓለም ሰብ ከይብለኒ ኢልና ልብና ርሒቖን ጸሊኡን እንከሎ ዘፍቅርና ክንመስል ንደሊ ኢና እዚ ግን ርእስኻ ምጥፍፋእ እዩ። ፍቕሪ ብቓል ብግብሪ ክትግለጽ ኣልአ። እዚ ኣብ ባህሪ ኤለትሪክ ከም መርድኢ ክንጥቀመሉ ንኽእል። ሓደ ሰብ ድልዱል ናይ ጎማ ሳእኒ ገሩ እንከሎ ንሓይሊ ኤለትሪክ እንተ ሓዘ እቲ ኤለትሪክ ብሰውነቱ ስለ ዘይሓልፍ ሓንቲ ኣይገብሮን እዩ። እንተ ኾነ ጥራሕ እግሩ ኣብ ጥቕኡ ማይ እንከሎ ንኤለትሪክ እንተ ሓዘ ወላ ክሳብ ሞት ዘብጽሕ ድንገት ከስዕበሉ ይኽእል።

ኤለትሪክ ብአይ ኣቢሉ እንተ ዘይሓለፈ ኣባይ የለን ማለት እዩ። ፍቕሪ ኣምላኽ ከአ ልክዕ ከምኡ እዩ። ነቲ ኣምላኽ ናባይ ዘመሓላልፎ ፍቕሪ ብአይ ኣቢሉ ናብ ካልኦት ክሓልፍ እንተ ዘይከአለ ናባይ እውን ክመጽእ ኣይክእልን እዩ። ኣነ ፍቕሪ ኣምላኽ ከስተማቕር ክምከረሉ እንተ ኾይነ ካልኦት ልክዕ ከማይ ክምከሩሉን ከስተማቕርዎን ኣለዎም። ኣብዚ ወላ ንሓደ ሰብ ክፈሊ የብለይን ምኽንያቱ እግዚአብሔር ንሓደ ሰብ ዝፈሊ ስለ ዘይኮነ።

ከምዚ ክንገብር ከሎና ጥራሕ ኢና ሕያዎትን ጥዑያትን እንኸውን። ጥዑያት ሕያዎት እንኸውን ፍቕሪ ኣምላኽ ብአናን ኣባናን ገሩ ስለ ዝዓዪ እዩ። ንሕና ብዙሕ ጊዜ ብአንጻሩ ኢና እንርእዮ መጀመርያ ጥዑይን ሕያዋይን እንተ ኾንይነ ድሕሪኡ ኣምላኽ የፍቕረኒ ንብል፥ ኣብ ኣምላኽ ግን ከምኡ ኣይኮነን ንሱ ዘፍቅረኒ ኣብ ግብረይ ተመርኲሱ ኣይኮነን፥ዘፍቅረኒ ንሱ ብርእሱ ፍቕሪ ስለ ዝኾነ እዩ። ኣምላኽ ብግብርና ኣይጽሎን እዩ። ኣነ ጽቡቕ ዝገብር ፍቕሩ ኣባይ ክዓዪ ስለ ዘፍቀድኩ እዩ። ሕማቕ ክገብር ከሎኹ ንፍቕሪ ኣምላኽ እዓጽዎ ልበይ ኣይከፍትን ሽው ብናተይ መገዲ እምራሕ እዚ ኸአ መንፈሳዊ ሞት የስዕበለይ።

ብግብረይ ንፍቕሪ ኣምላኽ ክረኽቦ እኽእል እየ ዝብል ክንሓድጎ ኣሎና። ኣምላኽ ሕያዋይ ስለ ዝኾንኩ ኣይኮነን ዘፍቅረኒ። ኣነ ሕያዋይ ዝኸውን ዘሎኹ ፍቕሪ ኣምላኽ ብአይን ኣባይን ክዓዪ ስለ ዘፍቀድኩ እዩ። ኣብ ገለ እዋን ኣብ ግብሪ ቃላት እውን ይሕውስ እዩ። ኣብ ገለ እዋን ንሰባት ፍቕርና ብግብሪ ዝያዳ ክንገልጸሎም ንኽእል ኣብ ብቃላትና እውን ክንገልጾ ኣሎና። ወለዲ ንደቆም በቲ ዝገብሩሎም ሓልዮትን ምእንትኦም ብዘውጽእዎ ብዙሕ ወጻኢታት ፍቕሮም ክገልጹሎም ይኽእሉ እዮም ግን ኣብ ገለ እዋን ከአ ብኸምዚ ዝሓለፉ ብዙሕ ጊዜ ነቲ ዝግበረሎም ከም ግቡእን ብዙሕ ዋጋ ከይሃብዎ ዝዓብዩ ኣለዉ ስለዚ ቃላት የድሊ እዩ። ክትነግሮም ዝበለጸ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ናይ ሎሚ ሰንበት ንርእስና ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክንሓትት ዕድል ይኸፍተልና። ምስ ኢየሱስ መድኅነይ ከመይ ዝበለ ርክብ ኣሎኒ? ምስኡ ርክብ ኣሎኒዶ ወይስ ኣብ ገለ ዝፈላልየኒ ነገር ገረ ኣሎኹ? ምስ ኢየሱስ ዘሎኒ ርክብ ምስ ኣብ ከባቢአይ ዘለዉ ሰባት ይሕግዝድዩ? እዚ ሕቶታት ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ ኣብ ኢየሱስ እኣምንን ምስኡ ኣሎኹ እናበልና ምስ ኣብ ከባቢና ወይ እውን ምሳና ዘለዉ ኣብ ጽልኢ ክንህሉ ይክአል ወይ እውን ኣብ ከባብና ከቢድ ጸገም ወይ ስእነት ወይ እውን ሓገዝ ዘድልዮም እንከሎ ሱቕ ኢለ እነብር ክህሉ ዝክአል እዩ። ስለዚ ብሓቂ ምስ ክርስቶስ እንተሎና ምስ ካልኦት ዘሎና ርክብ ጽቡቕ ፍረ ክፈሪ ኣለዎ።

እዚ ኸአ ጽቡቕ ግብሪ ብምግባርና ንኻልኦት ምስ ክርስቶስ እቲ ሓቀኛ ተኽልና ክሓብሩ ምኽንያት ክንኮኖም ኣሎና።

## ሕያው ዘሎኹ ወይስ ምዉት፡

ነፍስወከፍና ንርእስና ሓቲትና ክንክእል ኣሎና ብሓቂ ሕይወት ዘለዎ ጨንፈርድየ ዘሎኹ ወይስ መይተ ኣሎኹ ሕያው እንተ ኾንኩ ከፍሪ ኣሎኒ። ከም ክርስትያን ክነፍሪ ሕሩያት ኢና እዚ ናይ ሓደ ወይ ክልተ ዘይኮነ በብዓቕምና ክነፍሪ ትሑዛት ኢና። ሰባት ንአይ ምስ ረአዩ ክንደይ እዮም ኣብ ኣምላኽ ዝቐረቡ ዘለዉ? ክንደይ ሰባት እዮም ብሳላይ ኣብ መንበር ንስሓ ኣትዮም ዝተነስሑ/ ዝተዓርቑ. . . . ሰባት በቲ እንነብሮ ጥራሕ እዮም ልቦም ተተንኪፉ ኣብ ጽቡቕ ክምለሱ ዝኽእሉ።

እምብአር ጨናፍር ክርስቶስ ካብ ኮና ብጽቡቕ ግብርና ኣብ ግራት ኣምላኽ ከከም ዓቕምና ገለና ሰላሳ ስሳ ሚእቲ ክነፍሪ ኣሎና። ከም ብዓል ሓንቲ ቅርሺ ከይንኸውን ሎሚ ብምሉእ ልብና ሰላም ፍቕሪ ምሕረት ክንሰብኽ ኣብ ግብሪ ኣብ ሕይወትና ክነርእዮ ኣሎና።

ኦ ክርስቶስ ኣምላኽይ ጽቡቕ ፍረ ንአኻ ዘሓጉስ ከፍሪ ካባኻ ኣይትፍለየኒ ኵሉ ጊዜ ፍቕርኻን ፍቕሪ ኣሕዋተይን ኣባይ ዝዓብየሉን ዘፍርየሉን ጸጋ ዓድለኒ ንበሎ ነዚኸአ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ